


## መእተዊ

ኣንስታዊ መርበብ ሓበሬታ ብርክት ዝበላ ደቂ-ኣንስትዮ ንምብቃዕን ፣ ከምኡውን ኣብ ኩሉ መዳያት ኣብ ዘለው አፈላላያት ውሽጣዊ መሰላትና ንምጥቃምን ኣባታዊ (ቱባ) ባህሊ ንምውጋድን ይሰርሕ። እዚ ድማ ዕድመ ፣ፆታ ፣ ጉድኣት ኣካል ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ኩነታት ፣ ፖለቲካዊን ሃይማኖታዊን አመለኻኸታት፣ ናይ ዘርኢን ዓሌትን ኣማፀፃኣን ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ናይ ሓቅታት ዓውድን ዝርዝር ጉዳያትን ዝጠመረ´ዩ። ካብዚ ስዒቦም ዝተቐመጡ ነጥብታት ቀንዲ መትከላት ኣንስታዊ መርበብ ሓበሬታ ንምግንዛብ ኣገደስቲ እዮም።

## ተበፃሕነት

### 1. ተበፃሕነት መርበብ ሓበሬታ

ኣንስታዊ መርበብ ሓበሬታ ብርክት ንዝበላ ደቂ-ኣንስትዮ ዓለም-ለኸ ተቐባልነት ዘለዎን፣ ዓቕሚ ዘገናዘበን ኣብ ቅድመ - ኹነት ዘይተመስረተን ፣ ግልጺን፣ ትርጉም ዘለዎን ማዕረ ተበፃሕነት ንክረኽባ ብምኽኣል ዝጅምር´ዩ።

## 2. ተበፃሕነት መረዳእታ

ንደቂ-ኣንስትዮ ኣድላዪ ዝኾኑ መረዳእታታት ፣ ብፍላይ ድማ ጠመተኦም ኣብ ስነ-ተዋልዶ ፣ ወሲባዊ ጥዕናን መሰላትን፣ ጥዕንኡ ዝሓለወ ምቁራፅ ፅንሲን ተበፃሕነት ፍትሒ ዝገበሩ መረዳእታታት ተበፃሕቲ ክኾኑ ንድግፍ ኢና ፣ መሰልውን ንሕልው ኢና። እዚውን ብቋንቋ ፣ ብቅዓት ፣ ድሌትን ዛዕባን ወይ ድማ ዓውድታት ዘለው ኣፈላለያት ዘካተተ ይኸውን።

## 3. ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂ

ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ኮምፒዩተር ቋንቋ ፕሮግራም ናይ ምንዳፍ ፣ ናይ ምምሃዝን ዓርሰን ናይ ምግላፅን ክእለተን ንምምዕባልን ኢንፍርሜሽንን (ሓበረታ) ቴክኖሎጂ ብዘላቕነት ናይ ምጥቃም መሰል አለወን ።
ካብዚ ሓሊፈውን ኣብ ኩሎም ከባብታት ዘለው ዝተፈላለዩ ፆታ መሰረት ዝገበሩ መግለልቲ ባህልታት ናይ ምቅላስ መሰልውን አለወን።

# <u>ምንቅስቓስን ህዝባዊ ተሳትፎን</u>

## 4. ተፃዋርነት

መርበብ ሓበሬታ \ኢንተርኔት\ ማሕበራዊ እሴታት ናብ ድርድር ዝቐርቡሉን ፣ ዝንፀባረቑሉን ፣ መብዘሕትኡ ግዘውን ብኣባታዊ (ቱባ) ባህሊ ዝተቀረፁ ኣረኣያታት ዝስተውዓል መድረኽ እዩ ። ንኣንስታዊ መርበብ ሓበሬታ እንገብሮ ቃልሲ ኣብ ካሊኦት ኸባቢታት ፣ ኣብ ህዝቢ፣ ብውልቅን ብማእኸል ንገብሮም ኩሉ መዳያዊ ቃልሲታት ሓደ ኣካል´ዩ።

## 5. ህንጸት  ምንቅስቓስ

መርበብ ሓበሬታ ተለዋዋጢ ፖለቲካዊ ኸባቢ እዩ። ውልቀ-ሰባት ዜግነት መሰረት ጌሮም ንክሓቱ ፣ ዓርሶም ክሃንፁን ፣ ፆታዊ መንነቶም ንክገልፁ የኽእሎም´ዩ ። እዚ ውን ዶብ-ሰገር ርክብ ፣ ድሌት ግልፅነትን ተሓታትነትን ኢሉውን ምቹውን ዘላቕነት ዘለዎ ህንፀት ምንቅስቓስ ኣንስታውነት ዝጠመረ´ዩ።

## 6. ምሕደራ መርበብ ሓበሬታ

ናይ ሕብረተሰብ ፅዕንቶ ዘለዎም መረዳእታት ዝተቆፃፀሩዎ ምሕደራ መርበብ ሓበሬታ ብምቅላስ ብርክት ዝበላ ኣንስታውያን ውሳነ ውሃብቲ ንክኾኑ ብምትብባዕ ንኣምን ኢና። ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣዎንታዊ ፅዕንቶ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ፖሊሲታት ክዳለው ካብ ዘለና ድሌት ብተወሳኺ ብሃገር-ለኸን ዓለም-ለኸን መርበባት መሰል ዋንነት ክምዕብልን ዲሞክራሲያዊ ንክኸውን ናይ ምግባር ድሌት አለና።

## ምጣነ-ሃፍቲ

## 7. ናይ ምጣነ-ሃፍቲ መማረፂ

ቴክኖሎጂ ንዝበለጸ ውልቀ-ዋንነት ፣ ንትርፊ ዝተጣየሹ ትካላት ዝቆፃፀሩዎ ፣ጠመትኡ ኣብ ትርፉ ዝገበረ ምጣነ-ሃፍታዊ አመኽንዮ ንምሙጋት ድሉዋት ኢና። ሓቢርካን፣ ተደጋጊፍካን ብምስራሕ ብዘለውና ናይ ሓባር ውራያት ፣ ኸባቢያዊ ዘላቕነትን መትከል ግልፅነትን ዝተሃነጸ ምጣነ-ሃፍታዊ ዓቕሚ ንምፍጣር ክንሰርሕ ኢና።

## 8. ነፃን ግልፅን ፍልፍል

ድሕንነት መርበብ ሓበሬታ ሓዊሱ ነፃን ግልጽን ፍልፍል ሶፍትዌራት (FLOSS) ብምጥቃም ንቴክኖሎጂ ፆተነታትን ምህዘታትን ምቹው ኩነታት ንምፍጣር ቁርጸኛ ኢና፡፡ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ነፃን ግልፅን ፍልፍል (FLOSS) ሶፍትዌራት ምምሃርን ምፍላጥን ናይ ስራሕና ሓደ ኣካል´ዩ፡፡




## ሓሳብ ምግላፅ

## 9. ኣንስታዊ ኣረኣያታት ምጉላህ

መርበብ ሓበሬታ ኣረኣያታት ደቂ-ኣንስትዮን ነባራዊ ኩነታትን ኣብ ምጉላህ ዘለዎ ግደ ነፂርና ኢና፡፡ ድምፂ ደቂ-ኣንስትዮ ብምዕፋንን ደቂ-ኣንስትዮ ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰል ብምህዳን ድምፅና ዝቆፃፀሩ መንግስታውን ፣ ሃይማኖታውን፣ ካልኦት ኣክረርቲ ሓይልታት ንቃወም ኢና፡፡

## 10. ሓሳብ ናይ ምግላጽ ናፅነት

ካብ ፖለቲካዊ ወይ ድማ ሃይማኖታዊ መሰል ዓርስኻ ምግላፅ ብዘይንኣሰ ነፃ ብዝኾነ መልክዑ ናይ ምግላፅ መሰል ደው ንብል ኢና። ኣንስታውያን ሓሳቦም ከይገልፁ ፣ ብሕጊ ወይ ድማ ሓይሊ ተጠቒምካ www.feministinternet.net መርበብ ሓበሬታ ተሓለቕቲ ናይ ፆታ ማዕርነት (ፋሚኒስት) ሓሳባት ንምቑፅፃር ፣ ንምክትታልን ንምግዳብ ብመንግስታዊን መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት ዝግበሩ ፀቕጥታት ንቃወም ኢና። እዚ ድማ ሰፋሕ ሞራላዊ ከይድታት ናይ ምውሳን ፣ ናይ ሓሳብን ዘረባን ናፅነት ምግዳብ፣ ኢሉውን ናይ ዜግነትን መሰላትን መዳብነት ናይ ፖለቲካ ስራሕ ኣካል ጌርና ኢና ንርእዮ።

## 11. ወሲባዊ ምስልታትን ጎዳኢ ትሕዝቶታት

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝሰራጨው ወሲባዊ /ስጋዊ ርክብ/ ምስልታት ጉዳይ ምስ ውክልና ፣ ወለንታውነት ፣ ስልጣንን ሓይልን ዝተኣሳሰረ ምኹዋኑ ንግንዘብ ኢና። ጥቕዓት ደቂ- ኣንስትዮን ጎዳኢ ትሕዝቶታትን ዘተሓሕዝ ኣረኣያ ኣይንቕበልን። ብተወሳኺውን ‹‹ጎዳኢ ትሕዝቶታት›› ብዝብል ሓፈሻዊ ቃል ንደቂ-ኣንስትዮ ንምግላጽ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ምልክታት ኣይንቕበልን። ትኽክለኛ ዝኾነ ፆታዊ መንነት ምግላጽ ንድግፍ ኢና።

# ውክልና

## 12. ፍቓዳኛነት

ናይ መርበብ ሓበሬታ ግልጋሎት መምርሒታት ፣ ፖሊሲታት ፣ ባህልን አወቓቕራን ናይ ሰባት ፍቓድ ውሃብነት ኣብ ግምት ናይ ምእታው አድላይነት ክናፋልጥ ድሉዋት ኢና።

ብሕልፍውን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ፅዕንቶ ነፃ ዝኾነ ወሰናይነት ኣብ ውልቃዊ ኾነ ኩለ- መዳያዊ መስተጋብራት ነፃ ዝኾነ አነባብራ ምምራሕ ዝተመስረተ እዩ።

## 13. ውልቃውነትን ውሂብን

ኣብ መርበብ ሓበሬታ በቢደረጅኡ ዘለው ሰባት መሰል ናይ ውልቀ መረዳእታ ድሕንነት ንድግፍ ኢና። ብተወሳኺውን ብመንግስታውን ውልቀ ትካላትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ መረዳእታ ትርፉ ንምርካብን ፣ፅዕንቶ ንምግባርን ዝፍፅሙ ተግባራት ንቃወም ኢና። ሕልፉ ቑፅፅር ንደቂ- አንስትዮ ንምግዳብ ፣ ኢሉውን ናይ ምዝራብን ምልዕዓል መሰል ንምግዳብ ክውዕል ይስትውዓል´ዩ ። በዚውን ብውልቃዊ ኾነ መንግስታዊ ትካል ኣብ ደቂ-ኣንስትዮን ውልቀ ሰባትን ዝግበር ፅዕንቶ ማዕረ ጠመተ ንህቦ ኢና።




## 14. መሰነዲ ተዘክሮ

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዘለና ውልቃዊ መረዳእታ ናይ ምክትታልን ምቁፅፃርን መሰል ከምዘለና ንኣምን ኢና። እዚውን ኸሎ ዓይነት ውልቀ መረዳእታ ኣብ ዝደለናዮ ጊዜ ናይ ምርካብ ፣መን ኣብ እንታይ ዓይነት ኩነታት ነዞም መረዳእታታት ምርካብ ከምዝኽእል ናይ ምቁፅፃርን ፣ ብቐዋምነት ናይ ምጥፋእ መሰል ጠሚሩ ዝሓዘ´ዩ።

## 15. ሕቡእ መንነት

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብሕቡእ መንነት ናይ ምንቕስቓስ መሰል ክህልው ንቃለስ ኢና። ብሕቡእ መንነት ምንቅስቓስ ዓርስኻ ብነፃነት ንምግላጽ የኽእል´ዩ። ብፍላይ ድማ ብፆታዊ ኣድልዎ ዝተጠቕዓ ደቂ-ኣንስትዮ ውሕስነት ማሕበራዊ ሚድያ ንክረጋገፅ የኽእል´ዩ።

## 16. ህፃናትን መናእሰይን

ናይ መርበብ ሓበሬታ ድሕንነት ዝምልከቱ ውሳነታት ናይ ህፃናትን መናእሰይን ድምፂን ልምዲን ንኽካተቱን ድሕንነቶም፣ ውልቃውነቶምን መረዳእታ ናይ ምርካብ መሰሎም ክምዕብልን ክሕሎውን ፃውዒት ነቕርብ።
ጥዕንኡ ዝሓለወ ናይ ቆልዑ ስነ-ልቦናዊን ፆታዊን ዕብየት ንድግፍ ኢና። እዚውን ብዛዕባ ውልቃዊ መሰል ፣ፆታን ፣ ስነ-ፆታዊ ውራያት ዝምልከቱ አወንታዊን ውልቃዊ ሓበሬታታት ኣብ እዋኑ ናይ ምርካብ መሰል ይሓውስ´ዩ።

## 17. ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ መርበብ ሓበሬታ ጥቅዓት

ናይ መርበብ ሓበሬታ ጥቅዓት ብዝምልከት መዳርግቲ ኣካላት ፣ ተጠቀምቲ መርበብ ሓበሬታን ሓዊሱ ሓንፀፅቲ ፖሊሲን ውልቀ መዳያትን ጥቅዓት መርበብ ሓበሬታ ጠመተ ክህቡዎ ንሓትት። ኣብ ደቂ-አንስትዮ ዝበፅሑ መሳራርሒታትን ጎዳእቲ ዝኾኑ ፅዕንቶታት ፣ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቅዓት ኣካል እዮም።
ነዚ ምዕጋት ድማ ናይ ኹላትና ሓላፍነት´ዩ።